ንህጹጽ ፈነወ

**እስራኤል፦ ኣሽሓት ነታ ሃገር ለቒቖም ክወጹ ይግደዱ ኣለዉ**
***ዑቕባ ዝሓትቱ ሱዳናውያን፣ ኤርትራውያን መወዳእታ ኣልቦ ቀይዲ ይገጥሞም***

(ቴል ኣቪቭ - መስከረም 9, 2014) - ሰበ ስልጣን እስራኤል ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ንዳርጋ 7,000 ዝኾኑ ዜጋታት ኤርትራን ሱዳንን ናብ'ተን ከቢድ በደል ኬብጽሓሎም ዝኽእላ ሃገራቶም ክምለሱ ኣገዲዶም ክብል ትካል ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት (ህዩማን ራይትስ ዎች) ሎሚ ዕለት ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ ገሊጹ። ገለ ካብ'ቶም ዝተመልሱ ሱዳናውያን፣ ምስቓይ፣ ዘይምኽኑይ ማእሰርቲ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምድሪ እስራኤል እግሮም ስለዘንበሩ ጥራይ ናይ ሃገራዊ ክድዓት ክሲታት ከምዝገጠሞም፣ እቶም ዝምለሱ ኤርትራውያን እውን ከቢድ ዝኾነ ናይ ግህሰት ስግኣት ይገጥሞም።

እቲ "ንሂወቶም ኣኽርፋሓዮ፣ ዑቕባ ዝሓትቱ ኤርትራውያንን ሱዳናውያን ስደተኛታት ንእስራኤል ለቒቖም ክወጹ ብእስራኤል ዝግበር ምስግዳድ፣" ዝብል በዓል 81 ገጻት ጸብጻብ፣ ነቲ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ብመሰረት ናይ እስራኤልን ኣህጉራዊን ሕግታት ናይ ዑቕባ መሰላቶም ኬውሕሱ ዝገብርዎ ፈተነታት እቶም ሕልኽልኽ ዝበሉ ስርዓታት ሕጊ እስራኤል ከመይ ከምዝዕንቅጹዎም ሰኒዱ ይርከብ። እስራኤላውያን ሰበ ስልጣን ንኤርትራውያንን ሱዳናውያንን "ኣስጋእቲ" ኢሎም ጠቂኖሞም፣ "ሰሊኾም-ዝኣተዉ" ዝብል ሳጓ ኣውጺኦምሎም፣ መንገዲ ርትዓዉን ስሉጥን ኣገባባት ኣተሓታትታ ዑቕባ ከሊኦሞም፣ ነዚ ዘይውሑስ ሕጋዊ ኩነታቶም ከም ሰበብ ተጠቒሞም ድማ ኣብ ትሕቲ መወዳእታ ዘይብሉ ዘይሕጋዊ ቀይዲ የእትዉዎም ወይ ድማ ከምዘእትዉዎም የፈራርሑዎም፣ እዚ ድማ ኣሽሓት ለቒቖም ንክኸዱ የገድዶም።

"ሰባት ናብ ሓደ ኩርናዕ ከምዘብሉ እንዳገደድካ ዑቕባ ናይ ምርካብ ተስፋታቶም ብምብርዓን፣ ድሕሪኡ ድማ ብድልየቶም ኢዮም ካብ እስራኤል ዝወጹ ዘለዉ ምባል'ሲ ግሁድ ግህሰት ኢዩ፣" ኢሉ ጌሪ ሲምፕሰን፣ ኣብ ትካል ሰብኣዊ መሰላት (ህዩማን ራይትስ ዎች) ገዲም ተማራማሪን ኣዳላዊ ናይ'ቲ ጸብጻብን። "ኣብ እስራኤል ዘለዉ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ተሪፉዎም ዘሎ ምርጫ ንዝተረፋ መዓልታቶም ኣብ ሞንጎ ኣብ ምድረ-በዳ ኣብ ዝተደኮና ናይ መቐየዲ ማእከላት ተዓጽዩዎም ኬሕልፍዎ ምኳኖም እንዳፈርሑ ክነብሩ ወይ ድማ ናብ ዓዶም ብምምላስ ናይ ማእሰርትን ግህሰትን ስግኣት ምግጣም ኢዩ።"

ኣብ 2006፣ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን፣ ኣብ ሃገራቶም ኣስፋሕፊሑ ካብ ዝርከብ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ኣምሊጦም ብመንገዲ ኣብ ምድሪ ግብጺ ዝርከብ ሓውሲ-ደሴት ሲናይ ጌሮም ብኣሽሓት ቁጽሪ ንእስራኤል ክኣትዉ ጀሚሮም። እስራኤል ኣብ ታሕሳስ 2012፣ ምስ ግብጺ ንዘዳዉባ ኩሉ ዶባታ ኣብ ዝረገጠትሉ፣ ከባቢ 37,000 ኤርትራውያንን 14,000 ሱዳናዉያንን ናብ'ታ ሃገር ኣትዮም ኣለዉ።

ኣብ ዝሓለፉ ሸሞንተ ዓመታት፣ ሰበ ስልጣን እስራኤል፣ "ሂወታቶም ከርፋሕ ንምግባሩ"፣ ብቓላት እስራኤላዊ ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ነበር ኢላይ ዩሻይ፣ ከምኡ'ውን "እቶም ዘይሕጋውያን ክለቁ ንምትብብዖም"፣ ብቓላት ናይ ሕጂ እስራኤላዊ ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ጊዲየን ሳዓር፣ ዝተፈላለዩ ቀሰብቲ ስጉምትታት ተተግቢሮም ኢዮም። እዚኦም ድማ፣ መወዳእታኡ ዘይተፈልጠ ቀይዲ፣ ንናይ እስራኤል ናይ ዑቕባ ስርዓት ኬይጥቀሙ ምዕንቃፍ፣ 99.9 ሚእታዊት ሕቶታት ዑቕባ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ምንጻግ፣ ዘይንጹር መምርሒታት መንግስቲ ብዛዕባ ፍቓድ ስራሕ፣ ከምኡ'ውን ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ከይረኽቡ ጽንኩር ዝኾነ ቀይዲ ምግባር የጠቓልሉ።

ካብ ሰነ 2012 ጀሚሮም፣ ሰበ ስልጣን እስራኤል ኣሽሓት ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ናብ እስራኤል ብዘይልሙድ ስለዝኣተዉ፣ ንሱ ድማ ብወግዓዊ መስገሪ ዶብ ስለዘይኣተዉ ንመወዳእታ ዘይብሉ ግዜ ኣሲሮሞም ኢዮም። ኣብ መስከረም 2013 እቲ ዝለዓለ ናይ እስራኤል ቤት ፍርዲ ከም'ዚ ዓይነት ማእሰርቲ ዘይሕጋዊ ኢዩ ኢሉ ምስ ወሰነ፣ ሰበ ስልጣን እስራኤል ንናይ ቀይዲ መምርሒኦም ስሙ ብምቕያር ኣብ ዝሃቡዎ ግብረ-መልሲ፣ ሓተትቲ ዑቕባ፣ ምቕያር ስም ብዘይገድስ፣ ኩነታቶም ምስ'ቶም ናይ ቀይዲ ማእከላት ሓደ ዝኾነ ኣብ ምድረ-በዳ ኔጌቭ ኣብ ዝርከብ ሆሎት "ናይ መንበሪ ማእከል" ክነብሩ ኣዚዞም።

ኣብ ጥሪ 2014፣ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት (ህዩማን ራይትስ ዎች) ምስ ሓደ ካብ'ቶም ቀዳሞት ኣብ ማእከል ሆሎት ዝተቐየዱ ወዲ 21 ዓመት ኤርትራዊ ኣብ ዝገበሮ ዕላል፣ "ሂወት ኣብ ሆሎት፣ ልክዕ ከም'ቲ ቅድሚ ሕጂ ን14 ኣዋርሕ ዝተኣሰርኩሉ ኣብ [እስራኤል ዝርከብ] ሳሃሮኒም [ማእከል ቀይዲ] ኢዩ። ብዙሓት ኣብ'ዚ ካብ ዘለዉ ሰባት ናይ ኣእምሮ ጸገማት ጌሮም ኣለዉ፣ ምኽንያቱ ንሳቶም'ውን ንነዊሕ እዋን ተቐይዶም ስለዝነበሩ ኢዩ። ኣነ'ዉን ከምኡ ዝኣመሰለ ጸገማት ከይረኽበኒ ይፈርሕ ኢየ። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ነዊሕ ጌረ ኣለኹ።"

ክሳብ መወዳእታ ነሓሰ 2014፣ ካብ 2000 ቁሩብ ዝውሕዱ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን - ልዕሊ 1,000 ካብኣቶም ዑቕባ ዝሓተቱ - ኣብ ማእከል ሆሎት ተኣሲሮም ኔሮም፣ ኣብ ማእከል ቀይዲ ሳሃሮኒም ድማ ካብ 1,000 ቁሩብ ውሑድ ዝብሉ ተኣሲሮም ኔሮም። እቶም ዝተረፉ 41,000 ኣብ ከተማታት ዝነብሩ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ናብ ሆሎት እተዉ ከይብሃሉ እንዳሰግኡ ይነብሩ ኣለዉ።

ኣብ ሆሎት ንሰባት ምቕያድ ነቲ ብዘይ ኣገባብ ንሰባት ምቕያድ ዝኽልክል ኣህጉራዊ ሕጊ ይጥሕስ ኢዩ፣ ምኽንያቱ ሰባት ንቡር ስራሓቶምን ማሕበራዊ ንጥፈታቶምን ከካይዱሉ ኣብ ዘይኽእልሉ ፍሉይ ቦታ ኢዮም ተሓይሮም ዘለዉ። ቅዩዳት ኣብኡ ብዘይ ሕጋዊ ዕላማን ንዘይተወሰነ ግዜን ኢዮም ኣብ ትሕቲ ሓደ ሓፈሻዊ ናይ ኢሚግሬሽን መምርሒ ቀይዲ ተታሒዞም ዘለዉ። እስራኤላውያን ሰበስልጣን፣ በብሓደ፣ ስለ ምንታይ ነፍሲ ወከፎም ክቕየዱ ከምዝተወሰነ ኬረድኡ ኣይከእሉን፣ ከምኡ’ውን ነዚ ውሳነ ንምብዳህ ዜኽእል ኣብ ተግባር ዘሎ ኣገባብ የለን።

እቲ ቅዩዳት ምፍትሖም ዜውሕስ እንኮ መንገዲ ከም ስደተኛታት ቅቡላት ምስዝኾኑ ኢዩ። ኮይኑ ግን፣ እስራኤላውያን ሰበስልጣን፣ ንኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ንርትዓውን ስሉጥን ኣገባባት ምሕታት ዑቕባ ዘለዎም መንገዲ ብሜላ ከልኪሎሞም ኢዮም። ክሳብ መወዳእታ 2012፣ እቶም ሰብ መዚ ንናይ ዑቕባ ጥርዓናቶም ጠቕሊሎም ምቕባል ኣብዮሞም፣ እቲ ዝሃቡዎ ምኽንያት ድማ ናይ ስደተኛ ወረቐት ከምዘየድልዮም ኢዩ፣ ምኽንያቱ እስራኤል፣ ኣብ ትሕቲ ንዝተወሰኑ ዜጋታት ዝዝርጋሕ ናይ ዑቕባ መምርሒ ንህላወኦም ተጸሚማቶ ምህላዋ ኢዮም ገሊጾም።

ኣብ ለካቲት 2013፣ እስራኤል ንኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ብብዝሒ ዝበለ ቁጽሪ ናይ ዑቕባ ሕቶታቶም ኬእትዉ ኣፍቂዳትሎም። ኮይኑ ግዳ፣ ክሳብ መጋቢት 2014 ኣብ ዘሎ ግዜ፣ እቶም ሰብ መዚ ካብ 450 ቁሩብ ብዝሒ ናይ ዝብሉ ቅዩዳት ሕቶታት ጥራይ ኢዮም መርሚሮም፣ እስራኤላውያን ጠበቓታት ስደተኛታት ግዳ፣ እቶም ሰብ መዚ ሓንቲ እኳ ትኹን ካብ ናይ ኣብ ንኣሽቱን ዓበይቲን ከተማታት ዝቕመጡ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ጉዳይ ሕቶ ዑቕባ ከም ዝመርመሩ ዜረድእ መርትዖ የለን ኢሎም። እቲ ናይ ምንጻግ መጠን ድማ ዳርጋ 100 ካብ ሚእቲ ኢዩ ኔሩ።

እቲ ድምር ጽልዋ ናይ’ዞም መምርሒታት፣ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ዝተርፎም ምርጫ ወይ ናይ መዋእል ማእሰርቲ ኣብ እስራኤል ወይ ድማ ናብ ኬተሳቕዮም ወይ ካልእ ናይ ከቢድ ሃስያ ሓደጋ ዝገጥሞም ሃገር ክምለሱ ጥራይ ኢዩ።

ሽውዓተ ናብ ሱዳን ዝተመልሱ ሱዳናውያን ንትካል ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት (ህዩማን ራይትስ ዎች) ከም ዝበልዎ፣ መወዳእታ ዘይብሉ ማእሰርቲ ኣብ እስራኤል ፈሪሖም ካብ እስራኤል ከምዝወጹን ኣብ ዋና ከተማ ሱዳን፣ ካርቱም ምስ ኣተዉ ከም ዝተቐየዱን ከም ዝተመርመሩን ገሊጾም። ሰለስተ ካብኦም ንንውሕ ዝበለ ግዜ ተታሒዞም፣ ንሓዴኦም ኣሳቕዮሞ፣ እቲ ካልኣይ ንብሕቱ ኣብ ሸላ ተዳጒኑ፣ እቲ ሳልሳይ ድማ ብሃገራዊ ክድዓት ተኸሲሱ።

ኣብ ትሕቲ ሕጊ ሱዳን፣ ዝኾነ ንእስራኤል ዝበጽሔ ሰብ ክሳብ 10 ዓመት ዝበጽሕ ናይ ማእሰርቲ መቕጻዕቲ ይገጥሞ። በዚ ምኽንያት ኣብ እስራኤል ዘለዉ ዜጋታት ሱዳን ሰቦኽ ፕላሰ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዓይነት ናይ ስደተኛ ሕቶ ኣለዎም፣ እዚ ማለት እቲ መሰረት ዘለዎ ፍርሒ ስቅያት ዝላዓል ብምኽንያት እቶም ዑቕባ ሓተትቲ ድሕሪ ካብ መበቆል ሃገሮም ምውጽኦም ዝተፈጸሙ ኣጋጣሚታት ወይ ድማ ዝተሳተፍዎም ተግባራት ኢዩ።

ዋላ’ኳ ትካል ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት (ህዩማን ራይትስ ዎች)፣ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ካብ ካልኦት ሃገራት ንዝተመልሱ ገለ ኤርትራውያን ከመይ ወጽዓ ከም ዘውረዱሎም ሰኒዱ ይሃሉ እምበር፣ ዕጫ እቶም ካብ እስራኤል ዝምለሱ ኤርትራውያን ኣይፍለጥን ኢዩ።

ብምኽንያት እቲ ክእመን ዝኽእል፣ ካብ’ቲ መወዳእታ ዘይብሉ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ኤርትራ ስለዘምለጡ ንዘሎ መቕጻዕቲ ከገጥሞም ዝኽእል ናይ ስቓይ ፍርሒን ከምኡ’ውን ካልእ ኣብኡ ዘሎ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን፣ ካብ’ቶም ኣብ 2013 ኣብ ሙሉእ ዓለም ዑቕባ ዝሓተቱ ኤርትራውያን እቶም 83 ሚእታዊት ገለ ዓይነት ዑቕባ ተዋሂቡዎም፣ ብመሰረት ወኪል ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ ብዜደንጹ መንጽር ድማ ኣብ እስራኤል 0.1 ሚእታዊት ጥራይ ኢዮም ከምኡ ዓይነት ናይ ዑቕባ ኩነታት ዝተዋህቡ።

መወዳእታ ዘይብሉ ማእሰርቲ ፈሪሖም ካብ እስራኤል ናብ ሃገሮም ክምለሱ ዝሰማምዑ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ዜጋታት ከም በስገዳድ ዝተመልሱ ግዳያት ክሕሰቡ ኣለዎም፣ ትካል ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት (ህዩማን ራይትስ ዎች) ይብል። በስገዳድ ምምላስ፣ ኣብ ትሕቲ ኣህጉራዊ ሕጊ፣ “ብዝኾነ ይኹን ዓይነት ዕሊ” ንሓደ ስደተኛ ወይ ሓታት ዑቕባ ናብ ናይ

ግፍዒ ሓደጋ፣ ወይ ድማ ንዝኾነ ሰብ ክገጥሞ ናብ ዝኽእል ስቓይ ወይ ድማ ዘይሰብኣዊን ዜዋርድን ዓይነት ኣተሓሕዛ፣ ብሓይሊ ምምላስ ማለት ኢዩ።

“እስራኤላውያን ሰብ መዚ ንሂወት ‘ሰሊኾም ዝኣትዉ’ ኣዝዩ ከርፋሕ ብምግባር ንእስራኤል ለቒቖም ከምዝወጹ ክገብሩ ከም ዝደልዩ ይዛረቡ፣ ድሕሪኡ ድማ ሰባት ብነጻ ድሌቶም ናብ ሃገሮም ይምለሱ ኣለዉ ይብሉ፣” ኢሉ ሲምፕሰን። “እስራኤል ንኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ንመዋእሎም ክሕየሩ ምኽኖም ኬተፈራርሖም እንከላ፣ ካብ እስራኤል ወጺኦም ናይ ጉድኣት ስግኣት ክገጥሙ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ነጻ ኮይኖም ይውስኑ ከምዘየለዉ’ሲ ኣህጉራዊ ሕጊ ንጹር ኢዩ።”

ካብ 2008 ጀሚሮም፣ እስራኤላውያን ሰበ ስልጣን ንኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ኣኣብ ሒደት ኣዋርሕ ዝሕደስ “ኩነታዊ ምፍናው” ዝብል ፍቓድ ክህቡ ጸኒሖም። ኣብ እዋኑ እንተዘይተሓዲሱ፣ ቀይዲ፣ ማእሰርቲ፣ ከምኡ’ውን ስራሕካ ምስኣን ኬስዕብ ይኽእል፣ ምኽንያቱ እቶም ሰብ-መዚ ፍቓድ ንዘይብሎም ሰራሕተኛታት ንዘቖጽር ዝኾነ ሰብ ክቐጽዑ ምኳኖም ስለዘፈራርሑ። ኣብ መወዳእታ 2013፣ ንናይ ፍቓድ ኣተሓዳድሳ ስርዓት ዘሎ መንገዲ ብጽንኩር ኣገባብ ክገትእዎ ጀሚሮም፣ እዚ ድማ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ንፍቓዳቶም ኬሔድሱ ከም ሕሱም ክፍትኑ እንከለዉ ናብ ሕንፍሽፍሽ መርሔ። መራሕቲ ማሕበረኮም፣ ብሰንክ’ዚ ዝመጸ ወጥሪን ንኽትነብር ብዘሎ ናይ ምንጪታት ሕጽረት ብዙሓት ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ንእስራኤል ለቒቖም ክወጹ ክውስኑ ተራ ኔርዎ ይብሉ።

ጸብጻብ “ንሂወቶም ኣኸርፋሓዮ” እንኮላይ ነቲ ንብዙሓት ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ስራሕ ክረኽቡን ክሰርሑን ዳርጋ ዘይከኣል ዝገበረን ብዙሓት ኣብ ቀጻሊ ፍርሒ ንድየት ክነብሩ ዝገብር ዘሎ ናይ እስራኤላውያን ሰብ መዚ ዘይርጉጽን ዘይንጹርን ናይ ስራሕ-ፍቓድ መምርሒኦም እውን ይምርምር። ምስ’ቲ ክንክን ጥዕና ንኽትረከብ ዘሎ ዕንቅፋታት ተሓዊሱ፣ እዚ እውን ካብ እስራኤል ለቒቖም ክወጹ ተወሳኺ ጸቕጢ ፈጢሩ ኢዩ።

እስራኤል ንኩሎም ኣብ ሃገራ ዘለዉ ሱዳናውያን ዜጋታት ከም ስደተኛታት ክትቕበሎም ኣለዋ፣ ከምኡ ድማ ንናይ ኤርትራውያን ናይ ዑቕባ ሕቶ ምስ መምርሒታት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ብዝቃዶ መንገዲ ክትምርምሮ ኣለዋ።

ዓሰርታት ኣሽሓት ሕቶታት ዑቕባ ምስ ናይ ኣህጉራዊ ሕግታት ስደተኛ መምዘኒታት ብዝቃዶ መንገዲ ምምርማሩ ዓመታት ስለ ዝወሰድ፣ እስራኤላውያን ሰብ መዚ ንኤርትራውያንን ሱዳናውያንን፣ ብመሰረት ኣብ ሃገራቶም ኣስፋሕፊሑ ዘሎ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት፣ ኣብ ናይ 12-ወርሒ እዋን ዝሕደስ ውሑስ ዝኾነ ግዜያዊ ናይ ዑቕባ ኩነት ክህቡዎም ኣለዎም። ሓንሳብ እቶም ሃዋሁ ንውሑስን ክብረት ዘለዎን ምምላስ እኹል ዝኾነ ምምሕያሽ ምስ ኣርኣዩ እዚ ናይ ዑቕባ ኩነት ክላዓል ከምዝኽእል ትካል ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት (ህዩማን ራይትስ ዎች) ገሊጹ።

“እስራኤላውያን ሰበ-ስልጣን ኣሽሓት ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ንኽኣስሩ፣ ከምኡ’ውን ኣብ መወዳእታኡ ንኹሎም ንኽነጽጉዎም ብመስርሕ ምምርማር ናይ ዑቕባ ሕቶታት ኬሕልፍዎም ዘይተኣደነ ምንጪታት ኣብ ምጥፋእ ቆሪጾም ተላዒሎም ዘለዉ ይመስሉ፣” ይብል ሲምፕሰን። “ኣብ ክንድኡ፣ ግዴትኦም ብምኽባር ነዞም ሰባት ዑቕባ ክህቡዎምን ብግዜያውነት ኣብ እስራኤል ክሰርሑን ክነብሩን ኬፍቕዱሎም ይግባእ።”